ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإرترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

## ብምኽንያት ዕረፍቲ ስነ-ጥበበኛ ዑስማን ዓብደልረሒም፡ ዝወጸ መግለጺ።

ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ንመበል 63 ዓመት ኣብ እነኽብረሉ ወቕቲ፡ ሓደ ካብ ገዳይምን ውሩያትን ኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝኾነ ድምጻዊ ዑስማን ዓብደል ረሒም ብዝሓደሮ ሕማም ብስደት ኣብ ዝነብረሉ ሃገረ ሽወደን ኣብ መበል 76 ዓመቱ ብ7 መስከረም 2024 ከም ዝዓረፈ ምስ ሰማዕና ሓዚንና። ሞት ዘይተርፍ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ'ኳ እንተኾነ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ከቢድ ጸገም ኣብ ዘለናሉ፡ ብህዝቢ ቅቡላት ዝኾኑ፡ ሚዛናዊ ቀላሲ ሓሳብ ዘመንጭው ሰባት ኣብ ዘድልይሉ ወቕቲ፡ ብሞያዊ ስነ-ምግባር ዝተገረሐ፡ ኣብ ምኹስኳስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ሉልይ ኣበርክቶ ዝነበሮ ድምጻዊ ዑስማን ዓብደል ረሒም ምስኣንና ከም ህዝቢ ከቢድ ጉድኣት'ዩ። ስነ-ጥበብ መሰረቱ ካብ ህዝቢ፡ ኣገልግሎቱ ንህዝቢ እዩ። ከምኡ ምኧኑ ድምጻዊ ዑስማን፡ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ጽዑቕ ምቁጽጻር ኣብ ዝነበረሉ ሕምብርቲ ጸላኢ፣ ኣብ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ሜዳ፣ ኣብ ሃገረ ስደት እውን ኮይኑ ኣበርክቶኡ ብተግባር ኣረጋጊጹ እዩ።

ስነ-ጥበብ ብተውህቦ፡ ብልምዲ፡ ብስሩዕ ትምህርቲ ዝውነን፡ ኣብ ምግራሕ ድሕረትን ምቕራጽ ምዕቡል ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብን ርኡይ ተጽዕኖ ከዕርፍ ዝኽእል ዓይነተ ኣዝዩ ክቡር ሞያ'ዩ። ብሞያዊ ስነ-ምግባር ዝተገርሐ ፍርያት ስነ-ጥበብ ብውልቀ-ሰብ ይገለጽ ብመልክዕ ጉጅለ ናይ ህዝቢ እዩ። ዝደኸመ ሞራል ወዲ-ሰብ ዘበራብር፡ ንምዕባለ ዝዕንቅፍ ድሑር ስምዒታት ዝገርሕ፡ ታሪኽ ዝምህር፡ ባህሊ ቋንቋ ዝዕቅብን ዘማዕብልን፡ ናይ ነጻነትን ሓርነትን መሰረታዊ መሰላት ይኹን ንቕሓት ዘጎልብት፡ ኣብ ምትእምማንን ምክብባርን ዝተመሰረተ ህዝባዊ ሓድነትን ሃገራዊ ሓርበኝነትን ኣብ ምኩስኳስ፡ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ወለዶታት ኣብ ምትእስሳር ፍሉይ ተኽእሎ ዘለዎ ረቂቕ ሞያ እዩ።

ድምጻዊ ዑስማን ዓብደል ረሒም ዓቕሙ ክንዲ ዝፈቐዶ ተዋሲኡ፡ ብግዜ ንውሓት ዘይሃስስ ታሪኻዊ ሰነድ ገዲፉ'ዩ ሓሊፉ። ስለዚ ከኣ ውሩይ ድምጻዊ ዑስማን ዓብደል ረሒም ብኣካል'ምበር ብሓሳብ'ስ ኣይተፈለየናን። ሞያዊ ፍርያቱ ዝኾነ ጥዑመ ዜማኡ፣ ማለት ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ....፣ ኣብ ገዛና ዘለኹም ተቐማጦ ሰብ ክራይ.....፣ ኣደይ....፣ ፍቕሪ ዕውር ኣሚነ.... ወዘተ ዝብሉን ካልኦትን ወትሩ ኣብ ሕልናና ዝግበኦ ናይ ክብሪ ቦታ ሒዙ ክነብር'ዩ።

ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ድምጻዊ ዑስማን ንዝሓለፎ መድረኻትን ኩነታትን ዝገልጽ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝኾነ ተካኢ ወለዶ ብሓፈሻ፡ ኣብ'ቲ ሞያ ዝነጥፉ ዜጋታት ከኣ ብፍላይ ብግቡእ ክመሃርሉን ብስነ-መግባር ክግዝእሉን ይግባእ። ንኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ንክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ንምህሳስን ንምድምሳስን ብምሉእ ዓቕሙ ይሰርሕ ኣሎ። ሓደ ካብ'ቲ ዝሃስስ ዘሎ ድማ፡ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ፍርያት ኤርትራዊ ስነ-ጥበብ'ዩ። ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ዝነበረ ኤርትራዊ ስነ-ጥበብ፡ ቦትኡ ንባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣረኪቡ ክወርድ፡ ነበረያ-ነበረ ክኸውን ይስራሕ ኣሎ። ገለ ካብ መግለጺታት ውድቀት ኤርትራዊ ስነ-ጥበብ ድማ፡-

ሀ. ኣብ ዙርያ'ዚ ሞያ'ዚ ዝነጥፉ ውሑዳት ዘይኮይኑ ወገናት፡ ብፍቶት ድዩ ብምስግዳድ መሳርሒ ገዛኢ ጉጅለ ይኾኑ ምህላዎም፣

ለ. ሃብቲ ስነ-ጥበባዊት/ዊ ፍቕርን ቅቡልነት ህዝቢ ምኺኑ ንጎኒ ገዲፎም ናብ ግዝያውን ገንዘባውን ነገራውን ረብሓ ምዝባሎም፣

ሐ. ፍርያት ስነ-ጥበብ፡ ብዙሕ መጽናዕቲ፡ ሞያዊ ስራሕ፡ ግዜ፡ ዝጠልብ ከቢድን ክቡርን ሞያ ክንሱ፡ ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ ንዝሃረመ ይህረም ቃላት ብምግጥጣም፡ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ብዝፈጠሮ መሳርሒታት ተጠቒምካ ምሽት ሓሲብካ ንግሆ ናብ ዕደጋ ወሪድካ ፍለጡልና ዓድጉልና ዝብል ብንግዳዊ ኣተሓሳስባ ተዓብሊሉ ምህላው …ወዘተ ተጠቀስቲ እዮም።

ኣብ መወዳእታ:- በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ወገናት፡ ካብ ቀዳሞት ናይ ሞያ ኣቦታቶም ግዜ ሂቦም ግቡእ ትምህርቲ ክወስዱ፡ ነቲ ሞያ ካብ ዘራኽስ ኣካይዳ ርሒቖም፡ ብሞያዊ ስነ-ምግባር ተገሪሖም፡ ወገን ገዛኢ ጉጅለ ዘይኮነ፡ ወገን ህዝቢ ኮይኖም ወትሩ ተዘካሪ ሞያዊ ታሪኽ ክሰርሑ ደግሓኤ ይመክር። ንስድራ ቤትን፡ መቕርብ ቤተሰብን፡ ፈተውትን ድምጻዊ ዑስማን ዓብደል ረሒም ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)**

12 መስከረም 2024